## ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ንስድራ ቤቶም ሒዞምን ዝመጽኡ ናይ ገዛ መካይን

## ሒዞሞን ክምለሱ ከምዝተኣዘዙ ምንጭታት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ሓቢሮም

ነዊሕ ዓመት ኣብ ሃገራት ስደት ዱባይን ስዑዲ ዓረብያን ዝጸንሑ ኤርትራውያን፡ ቤተሰቦም ክሪኡ ናብ ኤርትራ ኣብ ዝበጽሑሉ፡ ክብገሱ እንክለው ሕጋዊ ክጥዒታት ኣማሊኦም ሒዞመን ዝመጽኡ ናይ ገዛ መካይን ካልእ ናይ ገዛ ኣቑሑትን ናብ  ኤርትራ ከይኣቱ ከም ዝተኸልከለ እሙናት ምንጭታት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ካብ ኣስመራ ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ ኣረጋጊጾም።

እቶም ሰብ ንብረት  ክንብገስ እንክለና ሕጋዊ ናይ ጉዕዞ ክጥዒ ኣማሊእና ኢና ሒዝናዮ መጺእና፡ ኣብ'ዚ ከኣ ሕጊ ጉምሩኽ ብዝፈቐዶ ደኣ ክንቅረጽ ኣለና 'ምበር ናብ ዝመጻእኽሞ ሒዝክሞ ተመለሱ ማለት ንዓና ክሳራ ንሃገር ክሳራ'ዩ ክብሉ ከምዝተኸራኸሩ ዝጠቐሱ እቶም ምንጭታት፡ ሓላፍቲ ጉምሩኽ ድማ እዚ መምርሒ መንግስቲ'ዩ ሒዝኩመን ትምለሱ ካብ'ዚ ንላዕሊ ዘረባ ምምልልሳ ካልእ መዘዝ ዘስዕብ'ዩ ብዝብል ታህዲድ ክምለሳ ከም ዝገበሩን ሓቢሮም።

ብካልእ ዜና፡ ኣብ ኤርትራ ዑደት ገይሮም ናብ ኢትዮጵያ ዝተመልሱ  ኤርትራውያን ምዕባለ ኤርትራ ካብ'ቲ ቅድሚ 40 ዓመት ዝግደፍዎ ብዝተሓተን ምድረባዳነት ዝምስል ሃዋህውን ካብ ቤት ማእሰርቲ ዝወጽአ ዝመስል ብመነባብሮኡ ኣዝዩ ዝተጎድአ ህዝብን ሪኦም ሓዚኖም ከም ዝተመልሱ ገሊጾም። ብፍላይ ከተማ ኣስመራ ፍጹም ካብ ትጽቢቶም ወጻኢ ሓሚዳ ከም ዝረኸብዋ ስለምንታይ እቲ ገዛውቲ ዘይተሓድስዎ ኢሎም ንቤተሰቦም ኣብ ዝሓተትሉ ብመንግስቲ ተኸልኪሉ'ዩ ዝብል መልሲ ከም ዝረኸቡን ኤርትራ ትማልን ሎሚን ክብሉ ብምስትንታን ፖለቲካውን ቁጠባውን ውድቀት ኤርትራ ብእዝኒ ጽሮት ዘይኮነ ብዓይኒና ርኢና ኢሎም።

## መበል 57 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ኤርትራ ኣብ ፐርዝ ኣውስትራሊያ ተኸቢሩ

 መበል 57 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምልዕዓል ኤርትራውያን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብዝተባህለ ምጥርናፍ ብ24 መስከረም 2018 ኣብ ከተማ ፐርዝ ምዕራብ ኣውስትራሊያ ብድሙቕ ስነ ስርዓት ከቢሩ ከም ዝወዓለ ደንጉዩ ዝመጻኣና ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

እቲ ምልዕዓል ንፖለቲካዊ ውድባት፣ በርገስ ማሕበራትን ውልቀ ሰባትን ዝሓቖፈ ከም ዝኾነ፡ ስለዚ ከኣ እቲ ዝኸሪ መበል 57 ዓመት ካብቲ ምትእኽኻብ ብዝተመዘተ ሽማግለ ከም ዝተሰላሰለን ዝገለጸ እቲ ሓበሬታ፡ ቀልቢ ተሳተፍቲ ስሒቡ ዝወዓለ ግን እዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዝረአ ዘሎ ኣሰካፊ ክስተት ከመይ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክዕጸፍ ይከኣል ዝብል ከም ዝነበረን ሓቢሩ።

## ኣብ ኤርትራ ዋሕዲ መማህራን ከም ዘጋጠም ተገሊጹ።

 ስሩዕ ትምህርቲ ብወግዒ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ምጅማሩ ብመንግስቲ ከምዝተሓበረ፡ እንተኾነ ግን ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ መማህራን ኣብ ዘዝተመደብሉ ቤት ትምህርቲ ክርከቡ ስለ ዘይከኣሉ፡ ስሩዕ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ብተግባር ከምዘይተጀመረ ረድዮ ኤረና ብ26 መስከረም 2018 ኣብ ዝዘርገሓቶ ዜና ኣፍሊጣ።

ጠንቂ ናይ'ቲ ዋሕዲ፡ መማህራን ብብዝሒ ናብ ስደት ይግዕዙ ስለ ዘለው'ዩ ዝበለት ረድዮ ኤረና፡ እዚ ከም'ዚ ዓይነት ተርእዮ ዓመታዊ ዘጋጥም ከም ዝኾነ፡  ሚኒስትሪ ትምህርቲ ነቲ ዘጋጥም ሃንፍ  ንምትካእ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ኣምጺኡ ንምሽፋን ፈተነ ዝገብር'ኳ እንተኾነ፡ ዛጊት ግን ክፈትሖ ኣይከኣለን ኢላ።

*ፖለቲካ ኢትዮጵያ ሕጂ'ውን መሊኡ ከምዘይተረጋገ፡ ኣብ ዝመጽእ ሰሙን ክግበር ትጽቢት ዝገበረሉ ጉባኤ ገዛኢ ውድብ ኢህወደግ ፍታሕ ከምጽእ ትጽቢት ከም ዝግበርን ገለ ወሃብቲ ርእይቶ ሓቢሮም*

*ኣስማቶም ክጽራሕ ዘይደለዩ ኢትዮጵያውያን ንህልዊ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት ኢትዮጵያ ብቐረባ ከምዝከታተልዎ ብምግላጽ፡ ኢትዮጵያ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዓመታት ብፍላይ ኣብ ቁጠባን ህንጸት ትሕተ ቅርጻን ኣዝዩ ዘተባብዕ ውጽኢት እናመዝገበት ከም ዝመጽአ፡ ሕጂ ግን ኣብ ዘሰክፍ ኩነታት ከም እትርከብን ግልጺ ገይሮም።*

*መንግስቲ ካብ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚሩ ልዕልና ሕጊ ንምኽባር ስጉምቲ ክወስድ ምጅማሩ ከም ዘሐጎሶም ብምግላጽ፡ ይኹን ግን ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት እዛ ሃገር ገና መልክዑን ቅርጹን ኣይሓዘን፡ ኣባል ውድባት ገዛ ውድብ ኢህወደግ ነናተን ጉባኤታት ይገብራ ኣለዋ፡ ከምቲ ቀደም ውሽጣዊ ምቅዳው ከምዘይብሎም ብዙሕ ምልክታት ይረአ ምህላው፡ ይኹን ግን ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣብ ቀረባ መዓልታት ክግበር ትጽቢት ዝግበረሉ ጉባኤ ኢህወደግ ዝበጽሖ መደምደምታ እዛ ሃገር ናበይ ገጻ ትኸይድ ጭቡጥ ኣንፈት ክህብ'ዩ ዝብል ልዑል ትጽቢት ከም ዘሎን ኣረዲኦም።*

*ምስ ሕማም ዓሶ ዝመሳሰል ምልክታት ዘለዎ ሕማም ኣስታት 11 ሽሕ ሰባት ኣጥቂዑ ተባሂሉ።*

*ኣብ ዞባ ከሰላ ሱዳን ዝላባዕ ዘሎ ምስ ዓሶ ዝመሳሰል ሕማም "ቺኩንጉያ" ኣስታት 11 ሽሕ ሰባት ከም ዝሓመሙ፡ ድሮ ኣስታት 20 ሰባት ከም ዝመቱን ንምንጭታታ ብምጥቃስ ረድዮ ኤርትራ ብ28 መስከረም 2018 ኣፍሊጣ።*

*እቲ ሕማም ብልዑል ናህሪ ይላባዕ ከምዘሎ፡ በዚ ዝተሻቐለ ሚኒስትሪ ጥዕና ሱዳን፡ ናብቲ ዞባ ህጹጽ ሓገዝ ከምዝልኣኸ ይኹን ግን እቲ ሓገዝ ምስቲ ኣጋጢሙ ዘሎ ብዝሒ ጥቑዓት እኹል ከምዘይኮነ ኣማሓዳሪ ከሰላ ምግላጹ፡ ውድብ ጥዕና ዓለም ግን ዛጊት ክሳብ ሕጂ ዝሃቦ መግለጺ ከምዘየለን ኣረዲኣ።*

*ኣብ ወርሒ ሰነ 2018 ንቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ንምቕታል ፈቲኖም ተባሂሎም*

*ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝጸንሑ እሱራት ብፈጠርቲ ራዕዲ ከም ዝተኸሰሱ ናይ ብሕቲ ጋዜጣ ሪፖርተር ኣፍሊጣ።*

*እቶም ብናይ ምስጋና መዓልቲ ተሰይሙ ኣብ ወርሒ ሰነ 2018 ኣብ መስቀል ኣደባባይ ኣብ ዝተጸወዐ ሰልፊ ብዘጋጠመ ናይ ቁንቡላ መጥቃዕቲ ተጥርጢሮም ዝጸንሑ 5 ክሱሳት፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እታ ሃገር፡ ብ28 መስከረም 2018 ኣብ ዝወዓለ መጋባእያ ኣኽባሪ ሕጊ፡ እቲ ፈተነ መጥቃዕቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድ ንምቕታል ከምዝነበረ ብምጥቃስ ብግብረ ሽበራነት ክሲ ከምዝመስረተን ሓቢራ።*

*ክሱሳት፡ ኣቶ ጌቱ ግርማ፣ ኣቶ ብርሃኑ ጃፋር፣ ኣቶ ጥላሁን ጌታቸው፣ ኣቶ ባህሩ ቶሎሳና ኣቶ ደሳለኝ ተስፋዬ ዝተባህሉ 5 ሰባት ምዃኖም፡ ክሱሳት ነዚ መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ዘበገሶም፡ ሓደ ብቀዳማይ ሚኒስተር ኣብዩ ኣሕመድ ዝምራሕ መንግስቲ ክህሉ የብሉን ካብ ዝብል፣ ካልኣይ፡ ናይ'ዛ ሃገር መንግስቲ ብናይ ኦሮሞ ነጻነት ግንባር (ኦነግ)'ዩ ክምራሕ ዘለዎ ካብ ዝብል፣ ሳልሳይ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢዩ ብህዝቢ ኦሮሞ ተቐባልነት የብሎምን፣ ራብዓይ፡ ናይ ኣመሪካ ኮንግሬስ ዘመሓላለፎ ኤች ኣር 128 ንምፍጻም ብጉልባብ ህዝባውነት ናይ ገዛ ርእሶም ዓላማ ዘካይዱ'ዮም፣ ሓምሻይ፡ በዚ ምኽንያት ናይ ህዝቢ ኦሮሞ ድሌት ኣይፍጽሙን ካብ ዝብል ኩርናዕ ነቲ ፈተነ ቅትለት ከካይዱ ከምዝተበገሱ፡ ኣኽባሪ ሕጊ ኣብ ዘቕረቦ ክሲ ከምዘነጸረን ኣረጋጊጹ።*

*ነቲ ፈተነ ቅትለት ዝመደበትን ዘወሃሃደትን ኣብ ናይሮቢ ኬንያ ትርከብ፡ ገነት ታምሩ (ቶለሺ ታምሩ) ዝተባህለት ኢትዮጵያዊት ምዃና ምግላጹን'ውን ጋዜጣ ሪፖርተር ኣብ'ቲ ናይ ዕለት 28 መስከረም 2018 ሕማታ ጸብጺባ።*

*ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 28-09-2018*